# እቲ ዉሩይ ናይ መጻሕፍቲ ምርኢት( Expo ወይ Bokmässa ) ዝፍለጥ ዓመት ዓመት ኣብ ከተማ ዮተቦርግ ዝካየድ 2ተ ኤርትራውያን ጋዜጠኛታትን ሓንቲ ደራሲትን ተሳቲፎም ።

ካብ ዕለት 26 መስከረም ክሳብ 29 መስከረም 2019 ዝቅጽል መርኢት ናይ መጻሕፍቲ ኣብ ኣዝዩ ዓቢ ኣደራሽ ናይ ክልተ ደርቢ ከተማ ዮተቦርግ ስቨንስክ ሜሳ ዝካየድ ዘሎ ኣሽሓት ሽወደናውያን ይኹኑ ወጻእተኛታት ደረስቲ ጸሓፍቲ ዝሳተፉሉ ኮይኑ፡ እዚ ሎሚ ዓለምና በጺሓቶ ዘላ ምዕባሌ ናይ ዲጂታል ማስ መዲያ ተክንሎጂን ትርኢትን ሓበረታን ዝህቡ ትካላት ፣ ሰሚናር ብኪኢላታትን ፣ ኣገደስቲ ፖሊቲከኛታት ዓውደ ክትዕን ዝካየደሉ ብኣሽሓት በጻሕቲ ከዕለቅልቅ ይርከብ። ኣብዚ ሰፊሕን ኣገዳስን ምርኢትን መሸጣ መጻሕፍትን ሃነጽቲ ሰሚናራትን ፣ ክልተ ኤርትራውያን ጋዜጠኛታት ማለት ኣሮን ብርሃነ ሓላፊ ብሕታዊ ጋዜጣ ሰቲቲ ኣማሓዳሪ ዝነበረ ካብ ካናዳ፡ ኣማኒኤል ግርማይ ሓላፊ ጠረበዛ ዜና ናይ ነጻ ማዕከን ራዲዮ ኤረና ካብ ፈረንሳ ፣ ደራሲት ይርጋኣለም ፍሳሃ ካብ ጀርመን ተሳቲፎም።



ብዕለት 26 መስከረም በብተራ ንህልዊ ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን ዘሎዎ ዘይምዕሩይ ምሕደራን ተመክሮኦምን መግለጽን፡ ካብ ተሳተፊ ዝተሓተቱ ሓያሎ ሕቶታት ኣዕጋቢ መልሲ ሂቦም። ብፍላይ እቲ ኣብ ልዕሊ ንጹሓት ጋዜጠኛታት ደሃይ ኣልቦ ዝወረደ ኣደንጻዊ ኢሰብኣዊ ግፍዕታትን ንምሕባር ብማሕበር ነጻ ዳዊት ኢሳቅ ዝተዳለወ ምስሊ ኮንተይነር ስም ስእሉ ሰሓብን ኣገዳስን ነይሩ። ቀጺሉ ንምሸቱ ዕለት 26 ከኣ ካብ ሰዓት 18.00 ክሳብ 20.00 ብኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ጋዜጠኛታት ብዘይ ዶብን ዝተዳለወ ምስዮት መግለጺ ክትዕ ሕቶን መልስን ብሓቂ ሰነዳዊን መሃርን ነይሩ። እዞም ክልተ ማሕበራት ማለት ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን (ወ/ሮ ካሪ ኮፐር ) ጋዜጠኛታት ብዘይ ዶብን (ብዮርን ቱንበክ )ንቃልሲ

ዉጹዕ ህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ዝዕወት ከይሰልከዩ ክቕጽሉ ምዃኖም ሓቢሮም ። ኣብዚ ምስዮት እዚ ወኪል ራዲዮድምጺሓርነት ሓው ጸሃየ ቀለታን ወኪል ራዲዮ ኤረና ኣብ ሽወደን ሓው ዮውሃንስ ተስፋርያምን ተሳቲፎም ኣምሲዮም።